ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ፈጻሚ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
مكتب الرئيس التنفيذي

*Eritrean National Council for Democratic Change*
*Office of the Executive Chairman*
encdc.ex@gmail.com

Date: 24/05/2021

# *መልእኽቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤ/ጽ*
# *ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ*
# *ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ናጽነት ኤርትራ*

## *ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገርን ኣብ ወጻእን !*

*ሎሚ ኣብ'ዛ ታሪኻዊት መዓልቲ ዝኽሪ መበል 30 ዓመት፣ ዓወት ሰውራና ዝተረጋገጸላ ዕለት፣ ሃገርና ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነጻ ዝወጸትሉ ዝኽሪ እነብዕለላ ዕለት ኢያ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብስመይን ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢን ምስ ኩሎም ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታቱን ንምዑት ህዝብና ናይ ዮሃና መልእኽቲ ከመሓላልፍ ደስ እብለኒ። እዚ ነጻነት'ዚ ብሳላ'ቲ ንኣስታት 50 ዓመታት ዝወሰደ ሰላማውን ብረታውን ቃልሲ ህዝብናን፣ ኣብኡ ብዝተኸፍለ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን ዝተረጋገጸ ነጻነት ብምዃኑ ንውሉድ ወለዶ እንኾርዓሉ ታሪኽ ኢዩ።*

*እዛ ብልጽቲ ዕለት'ዚኣ ነብዕለሉ ኣብ ዘለናሉ ኣጋጣሚ፣ ነቶም ክቡር ህይወቶም ብምብጃው ሃገር ብምሉእ ዘጽልለላ ናይ ሓርነትና ናጽነትና ፈልሲ ዝተኸሉን ዝኾስኮሱን ጀጋኑ ሰዉኣትናን፣ ሓርበኛታት ተጋደልትናን፣ መዳርግቲ ዘይርከቦ ክብርን መጎስን ክምዝግብ ኩርዓትን ሓበንን እስመዓኒ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ነቲ ብተወፋይነት፡ እቲ ኩሉ ዝውንኖ ትሕዝቶ ከይበቐቐ ንሰውርኡ ዝዓንገለ ህዝብና፣ ብፍላይ ድማ ሓረስቶትን ጎሶትን ኣካላት ሕብረተሰብና፣ ብሳልኦም ጸላኢ ብዘሕፍር ኣገባብ ተሳዒሩ፣ ሃገርና ኤርትራ ነጻን ልዑላዊትን ሃገር ክትከውን በቒዐት።*

*መስርሕ ቃልሲ ህዝብና ከቢድን ብዙሕ በዳሂ ኩነታትን ገጢምዎ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ፣ ናይ ምስፍሕፋሕ መደባት መግዛእቲ ብዘይ ዝኾነ ተቓውሞ ክቕበለን፣ መሬቱ ብሓይሊ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ እናተጻንበረት ኢዱ ኣጣሚሩ ንኽርእይን፣ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣዚዩ ኣስካሕካሒ ዝኾነ ጭቆናን ግፍዕን ፈጸመ። እንተኾነ ግን፣ ታሪኽ ከም ዝመስከሮ፣ ትጽቢታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ መኺኑ ተረፈ። ጀጋኑ ሓርነኛታት ኤርትራ፣ ክምህ ከይበሉን ከይተንበርከኹን፣ ካብ ሃገራዊ መስመሮም ከይተኣልዩን ፍትሓዊ ቃልስና ብትብዓትን ብተወፋይነትን ቀጸልዎ። ብሳላ ጅግንነቶምን ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦምን ከኣ ዜናታት ናይ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ በርቃዊ መጥቃዕታት ሰውራና ሰማይ ዓረገ፣ መቓልሑ ከኣ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ተሰመዐ። ህዝቢ ኤርትራ እምቢ ንመግዛእቲ ብምልባልን፣ ምሉእ ነጻነቱ ንምጉንጻፍን፣ ብደሙን ብራሃጹን ንዓለም ብዘገረመ ጅግንነታዊ ተወፋይነት ዝመልኦ ታሪኽ ክምዝግብ በቒዐ። ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልስን፣ ከቢድ መስዋእትን ከኣ፣ ድልየትን ባህግን ህዝብና ክውን ኮነ። ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ሓይልታት ጸላኢ ሓግሒጉ፣ መላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ብምውጻእ፣ እቲ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ቃልሲ ህዝብና ኣብ 24 ግንቦት 1991 ብዓወት ከዛዘም ገበረ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ብዘድንቕ ቃልሲ፣ መላእ መሬቱ ሓራ ከውጽእ ምስ በቕዐ፣ ኣብ ትሕቲ ሰንሰለታዊ መዋእል መግዛእትታት ንዓሰርተታት ዓመታት ከሕልፎ ካብ ዝጸንሐ ሕሱም ህይወት ተናጊፉ፣ ኣብ ትሕቲ'ቲ፣ ብማዕረ ተሳትፎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኣካውና ሕብረተሰብና ዝቐውም፣ ፍትሕን፣ ማዕርነትን ግዝኣተ ሕግን ዝነገሶ ስርዓት ብምትካል፣ ኣብ ሃገሩ መሰሉን ክብሩን ተሓልዩ ዝነብረሉ ሓዲሽ ህሞት ተፈጢሩ ኣሎ ዝብል ዓቢ ተስፋታት ኣሕደረ። እንተኾነ ግን፣ እቲ ድሕሪ ናጽነት ስልጣን ዝበሓተ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብዝወሰዶ ኣግላሊ ፖሊሲታት፣ ናይ ህዝብና ሕልምን ባህግን በኒኑ ተረፈ። እዚ ጉጅለ'ዚ ካብ'ታ ስልጣን ዝበሓተላ ግዜ ጀሚሩ፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣዕናዊ ፖሊሲታት ብምኽታል፣ ሃገርና ኤርትራ ናብ ዓባይ*

ቤት ማእሰርቲ ቀየራ። መንእሰያትና ገደብ ኣልቦ ናብ ዝኾነ ግዴታዊ ዕስክርና ክጓርቶም ጀመረ። ልሉያት መራሕትን ካድራትን ሃገራውያን ውድባት፣ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ከይተረፉ ዝርከብዎም፣ ኣሽሓት ተቓለስቲ ብዘይ ክስን ፍርድን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝበልዩ ገበረ። ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ግርጭት ብምጽሕታር፣ ኣብ ኣዕናዊ ውግኣት ኣተወ። ህዝብና ይኹን ጉረባብትና ኣህዛብ ከቢድ ዋጋ ከፈሉ። ብሰንኪ ኣዕናዊ መርሆ ስርዓት ህግደፍ፣ ኣሽሓት ኤርትራውያን፣ ብፍላይ ድማ መንእሰያትና፣ ዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም እግሮም ናብ ዝመርሖም ሰላም ንምርካብ ክስደዱ ተገደዱ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን፣ ነቶም ቀንዲ መነሃርያ ሰውራና ዝነበሩን፣ ብሰንኪ ባርባራዊ ተግባራት ባዕዳዊ ጸላኢ ኣብ ሱዳንን የመንን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ዝተሰደዱ ኤርትራውያን፣ ንሃገሮም ተመሊሶም ንኸይጣየሱ፣ ስርዓት ህግደፍ ኮነ ኢሉ ብመጽናዕቲ ዕንቅፋታት ብምፍጣር ንኸይምለሱ ገበረ።

## ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፣

ኣብዚ እዋን'ዚ ኤርትራ ሃገርናን ዞባና ብምሉኡን ኣብ ኣዚዩ ሓደገኛ ዝኾነ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ይርከቡ። ሓደገኛ ውጽኢት ናይ'ቲ ስርዓት ኤርትራ ኣካሉ ዝኾኑ ውሽጣዊ ውግእ ኢትዮጵያ፣ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንኤርትራን ንብምሉኡ ዞናናን ብኣሉታ ኣንጸላሊዩዎ ይርከብ። ውሽጣዊ ግጭት ኢትዮጵያ ተባሊሑ ናብ ኩናት ገጹ ከምርሕ ኢዩ ዝብል ምናልባታት ምስ ተቓላቐለ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ኩሎም ተገራጨውቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ፍልልያቶም ብዘተን ልዝብን ንክፈትሕዎን፣ ኣብ መንጎኦም ኩናት ንኸይባራዕ ክጽዕሩን ጻዊዕትን ምሕጽንታን ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝተፈልጠ ኮይኑ፣ ስርዓት ኤርትራ ከኣ፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኢዱ ብምእታው፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያውያን ዝተኸስተ ፍልልያት ካብ ምግፋሕ ክቖጠብን፣ እቲ ውግእ እንተ ተባሪዑ ከኣ ንሃገርና ኣብ ዘይምልከታ ኩናት ንኸይጸምድን ኣጠንቂቕና ምንባርና ከነዘኻኽር ንፈቱ።

እቲ ዘሕዝን ግን፣ ምሕጽንታናን ጻዊዒትናን፣ ከምኡ'ውን ጻዊዒት ማሕበረ ሰብ ዓለም በቶም ተገራጨውቲ ኣካላት ኢትዮጵያ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። ኣብ መንጎ ተገራጨውቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ኤርትራ ብኸብደት ዝተሳተፎን፣ ሰፊሕ ኩናት ብምብርዑ፣ ብቓላት ክትገልጾ ዘጸግም ኩሉ መዳያዊ ዕንወት ኣስዓበን፣ ህይወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያን ንከንቱ ሃለቐ። ኣብ ዝተፈላለየ መደበር ስደተኛታት ተዓቚቦም ዝጸንሑ ልዕሊ 100 ሽሕ ዝቑጽሮም ኤርትራውያን ስደተኛታት'ውን ግዳይ ናይ'ዚ ኣዕናዊ ኩናት ብምዃን፣ ንመቕተልትን፣ ንኣስካሕካሒ ግፍዕን፣ ንመጭወይትን ንኻልእ ዓቢ ግህሰታት ተሳጢሑ። ካብዚ ኩሉ ብምንቃል፣ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ፣ ስርዓት ህግደፍ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ትግራይ ብቕጽበት ክስሕብ ዘካይዱ ዘሎ ጽቕጠታት ክቕጽሉ ብምጽዋዕ፣ ኣብ ልዕሊ ሲቪላውያን ተጋሩን፣ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት እዚ ስርዓት'ዚ ፈጺምዎ ዝበሃል ዘሎ ግህሰታት ብግቡእን ብነጻ ኣካላትን ክምርመር ኣትሪርና ንምሕጸን።

## ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፣

ኩነታት መነባብሮ ህዝብና ኣብ ኣዚዩ ሓደገኛ ጥርዚ ዝበጽሓሉ መዋእልን፣ ልዑላውነት ሃገራና ብሰንኪ'ቲ፣ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ወገናትን ዝኸትሞ ዘሎ ጥርጣረ ዝመልኦ ስምምዓትን ኣብ ኣሰካፊ እዋንን ንርከብ ኣለና። ከምኡ'ውን ኣብ ዞናና ዝኸይድ ዘሎ ቅልጡፍ ምዕባሌታት፣ ሰላምን ርግኣትን ሃገርና ይኹን ዞናና ብኣሉታ ክጸሉ ከም ዝኽእል ኩላትና ንከታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኢዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ስርዓት ኢሳይያስን፣ ንህዝብና ኮነ ኢልካ ከዋሰን ብምግባር፣ ተኸቲሙ ዘሎ ስምምዕ ሰላም፣ ንህዝብናን ንኩሉም ሓይልታቱን ኣዚዩ ኣሻቓሊ ጉዳይ ኮይኑ ምህላዉ ክንሕብር ንፈቱ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ እዋን'ዚ ስርዓት ህግደፍ ንሃገርና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ጣልቃ ከም ትኣቱ ብምግባርን፣ ንመንእሰያትና ኣብ ዘይምልከተና ውግእ ኣእቲዩ ይጠብሶም ብምህላዉ፣ ነቲ ዘሎና ሻቕሎትን ስግኣትን ኣዚዩ ከም ዝዓቢ ገይርዎ ኣሎ።
ኣብ መንጎ  ህዝብናን ኣብ መንጎ ኩሎም ኣህዛብ ዞናናን ሰላም ክህሉ ብመትከል ንድግፎ ጉዳይ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ነጻነት ሃገሩ ንምውሓስ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝብና፣ ልዑላውነት ሃገሩ ዝግህስን፣ ነጻነቱ ዘቑናጽብን ስምምዓት ክግበር ፈጺሙ ኣይቅበሎን ኢዩ። ስለ ዝኾነ ድማ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ፈጢርዎ ዘሎ ዝምድና ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ እጥቢቕና ነተሓሳስብ። ብጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ክልቲኡ ሃገራት ብዝምልከት ግን፣ ብዘይ ወዓል ሕደር ብመሰረት ብይን ኣህጉራዊ ኮምሽን ዶብ፣ ክሕንጻጽ ተሪር ምሕጽንታ ነቕርብ።

*እዚ ብስም ሽፋን ሰላም ዝካየድ ዘሎ መስርሕ፣ ዕርቃን ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዘውጸኣን፣ ሓቀኛ መደባቱን መንነቱን ኣብ ቅድሚ ህዝብና ዘቃለዐን ብምዃኑ፣ ድምጺ ተቓውሞ ህዝብና እናዓበየ ክመጽእ ገይሩ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብና ድምጺ ተቓውምኡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ እናበረኸ ይኸይድ ምህላዉ ብጣዕሚ ዝምጉስ ኢዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ብምትሕብባር ቃልሲ ህዝብና ንምብራኽ ኩሉ ዝከኣሉ ጻዕርታት ከካይድ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ’ዚ ከረጋግጽ ንፈቱ።*

*ክቡራት ፈተውትን ማሓዙትን ህዝብናን*

*ኣብዚ ክቡር መዓልቲ ናጻነትና፣ ሃገራዊ ቃልስና ብምድጋፍ፣ ዝተፍለለየ ሓገዛት ንሰውረና ብምብርካቶምን፣ ኣማእት ኣሽሓት ስደተኛታትና ብምዕቃቦምን፣ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታትና ኣብ ዝተፈላለየ ትምርታዊ ትካላት ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝኸፈቱን ናይ ስራሕ ዕድል ክረኽቡ ዝገበሩን፣ ንኹሎም ኣሕዋትና ኣህዝባን ፈተውትና ሃገራትን፣ ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ልዑል ምስጋና ከቕርብ ደስ እብለኒ። ጻላኢ ካብ መሬትና ሓጉሒጉና ብምውጻእ ናጻነትና ዘረጋገጽነሉ ዓወት፣ ንሶም’ውን ኣብቲ ዝተረጋገጸ ዓወት መሻርኽትና ኢዮም እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን። ሕጂ’ውን ከም ትማሊ፣ ፈተውትና ዝኾኑ ኣህዛብን ሃገራትን፣ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ምሕደራ ዘካይዶ ዘሎ ኣሰቃቒ ህይወት ኣቓልቦ ክገብርሉን፣ ንተቓላሳይ ህዝብና ዘድሊ ፖለቲካውን ሞራላውን ደገፋቶም ክልግሰሉ ንምሕጸን። ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ለጊሱ ህዝቢ ዝደልዮ ቅኑዕ ስርዓት ምስ ዝትከል፣ ኣብ ዞናን ርግኣት ኣብ ምስፋን ዓቢ ግደ ክህልው ምዃኑን፣ ኣብ መንጎ ሃገራትና ምትሕግጋዝን ምምልላእን ከረጋገጽ ምዃኑ ዕግባትና ዓቢ ኢዩ።*

*ምስ’ዚ ብምትሕሓዝ፣ ምስ’ቲ ሃገራዊ ፍትሓዊ መሰላቱ ንምርግጋጽን ነጻ ሃገሩ ንምምስራትን ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ ፍሊስጢኤም ብመትከል ከም ንድግፎ ብምግላጽ፣ እስራኤል ብቐጻሊ ትገብሮ ንዘላ ተጻብኦታት ደው ከተብሎን፣ በቲ ኣብ መንጎ ዓረብን እስራኤልን ዘሎ ጎንጺ ንምፍታሕ ኣመልኪቱ ዝወጸ ኣህጉራዊ ውሳኔታት ንክትቀየድን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ሓቀኛ ተጽዕኖ ክገብር ንጽውዕ።*

*ክቡር ህዝቢ ኤርትራን ኣባላት ሰራዊትን ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ሃገር ትርከቡ ኤርትራውያንን !*

*ብኣጋጣሚ ነጻነትና፣ ነቲ ክቡር ዋጋ ከፊሉ ነዛ ታሪኻዊት መዓልቲ ክውን ዝገበረ ህዝብና ልዑል መጎስን ኣድናቖትናን ክንገልጽ ንፈቱ። ብፍላይ ድማ በቲ ንጹህን ክቡርን ደምም፣ መንገዲ ሓርነትን ክብርን ኩርዓትን ዝመድመዱልና ሓርበኛታት ሰውኣት ሰውራ ኤርትራ፣ ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ይብጻሓዮም። ዕላማታት ሰውራን መሊኡ ክትግበርን፣ ሓርነትን ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ንምህንጻን፣ ኣብ ሃገርናን ኣብ ወጻእን ዝነብር ህዝብና፣ ቃልስታቱ ከኻዕብት ኣትሪርና ንጽውዕ። ብተወሳኺ፣ ዝተፈላለየ ወትሃደራዊ መዓርግ ዘለዎምን ተራ ኣባላት ሰራዊትን ከምኡ’ውን ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ተዋፊሮም ዝርከቡ ሃገራውያንን፣ ህዝብና ንኣስታት 30 ዓመታት ካብ ዘሕልፎ ዘሎ ግፍዕን መከራን ንኽገላገልን፣ ልዑላውነት ሃገርናን ሓድነት መሬትና ኣብ ምዕቃብን፣ እጃምም ከበርክቱን ደጊምና ንጽውዕ።*

*ሓርነትን ነጻነትን ኤርትራ ብኽብሪ ተሓሊዩ ይንበር !!*
*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ!!*
*ክብርን ዘልዓለማዊ ዝኽርን ንጀጋኑ ሰዉኣትና !!*